# ናይ ሕድሕድ ፍልልያትና ንመን የርብሓ
# መን ኢዩ ኸ ሓድነትናን ጥርናፈናን ዘስምብዶ

*ህዝቢ ኤርትራ ልኽዕ ከም ካልኦት ኣህዛብ ዓለምና ዝተፈላለየ ባህሊ፣ ቋንቋ፣ ሃይማኖት፣ ብሄር ፣ቀቢላ ፣ኣንጻ ከህልዎ ባህሪያዊ ኤዩ። እዚ ኻአ ሃብታም መልለዩና እዩ።*

*ገዛእቲና "ፈላሊኻ ግዛእ" ዝብል ሜላ ተጠቂምም ንህዝቢ ኤርትራ ተፋቂሩን ተጠርኒፉን መሰሉ ንኸይሓቲት፣ ብሃይማኖት ብአውራጃ ብቢሄር ፋሕ ብትን ንኸእትዉሉ ብዙሕ ጻዕሪታት ኣካይዶም። ይኹን እምበር ብዘታእታተዉዎ ብዝኾነ ይኹን ጸቢብ ዝትሕዝትኡ ጸኒሓዊ ስምዒታት ከይተታለለ፣ ኣብቲ ንነዊሕ ዓመታት ዘካየዶ ፖለቲካውን ብረታውን ቃልሲ፣ ብሓድነትን፣ ፍቅርን፣ ሓልዮትን፣ ምክብባርን፣ ኩቡርን ከቢድ ሰፍ ዘይብልን ዋጋ ከፊሉ፣ ኤርትራ ሃገርና ልኡላውነታ ተረጋጊጹ ኣብ ዓለም ከም ሃገር ንኽትፍለጥ ኣብቂዑዋ።*

*ሃገርና ኤርትራ ልኽዕ ካብ ባዕዳዊ መግዛእቲ ተገላጊላ ሓንቲ ልኡላዊት ሃገር ትኹን እምበር፣ ህዝቢ ኤርትራ ግን ጻማ መስዋእቱን፣ ጻማ ዝኸፈሎ ኩብሩን ከቢድን ዋጋ ኣይረኸበን። ብዉሑዳት ሽፋቱ ሓርነቱ ተጨውዩ፣ ተጠሊሙ፣ "ቁማር" ተባሂሉ፣ ኣብዚ ንሳለሳሳ ዓመታት ተቀራሪቡ ዘሎ ናይ ነጻነት ዕድመ ካብ እዋን መግዛእቲ ዝኸፈአ፣ ባርነትን ውርደትን ስደትን ከርተትን፣ ሓሳረ መከራን ከም ዘሕልፍ ገይሮሞ።*

*እሱ ጥራይ ዘይኮነውን ኣብ ኮረሻ ስልጣን ተውጢሖም ንክነብሩ፣ ረቂቅ ሜላ ተጠቂሞም፣ ብቐጥታ ይኹን ብኢደ ዙር፣ ናይ ምፍልላይን ምብትታን ሕንዚታቶም እንዳነዘርግሑ ኣብ ነንሕድሕዱ ከምዝይተኣማመን ገይሮም ይርከቡ።*

*ከም ውጽኢቱ ድማ ድሕር'ቲ ኩሉ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ዝወረደ ሓሳረ መከራ ሎሚ ኣብዚ እዋን እዚ፣ ኣብ መላእ ዓለም ፋሕ ኢሉ ዝርከብ ኤርትራዊ ፍትሒ ንምንጋስ ብጥርናፈ ተላዒሉ "ይኣክል" ክብል ይስማዕ ኣሎ።*

*እዚ ናይ ይኣክል ጉዕዞ እውን ከይተረፈ ሎሚ ኣብ ቅድሚኡ ብዙሕ ብድሆታትን ሓርጎጽጎጽን የጋጥሞ ኣሎ፣ ገለ ደለይቲ ፍትሒ ተመሲሎም ገሊኦም ልኡኻት ገሊኦም ተብለጽቲ፣ ኣንፈቱ ከስሕትዎ ናይ ሃይማኖት ናይ ኣውራጃ ናይ ወገን ናይ ዓሌት ናይ ቋንቃታት ፍልልያት ንምንዛሕ፣ ኮነ ኢሎም ተዓጢቆሙሉ ይርከቡ። ብዙሓት ድማ ብገርሆም ከደናገሩን ከታለሉን ከም ዝጀመሩ ኩላትና ንከታተሎ ዘለና ሓቂ ኢዩ።*

*ሎምስ ኣብዚ ናይ ኣፈርከቡ እዋን፣ ፍልልያትና ኣጻቢብና ሓድነትና ኣደልዲልናን ተጥርኒፍናን ኣንጻርዚ'ዚ ዓማጺ ኣፈመናዊ ስርዓት ደው ክንብል ዝግባእ፣ ኣስላማይ ዶ ክስታናይ፣ ሓማሰናይ ዶ ሰረዎታይ ኣከልጉዝታይ ዶ ወዲ ባርካ፣ መታሕት ዶ ከበሳ፣ ትግሪኛ ባ ዓረብ እንዳተበሃሃልና ፋሕ ክንብልን፣ ሕድሕድና ክንወቃቀሲን ይግባእ ዶ ኢሎ ነፍሲ ወከፍ ኤርትራዊ፡ ካብ ሃገራዊ ሕልንኡ ተበጊሱ ብንጽህና ነብሱ እንተ ዝሓትት፣ "ኢይፋሉን ንው ደኣ ልቢ ነዕቢ" ክብል ምመለሰ ዝብል ዕግበት ኣሎኒ።*

*ልኽዕ ነዚ ሰራምን ነውራምን ሕማማት ኣብ ዉሽጥና ከዘርኡ፣ ለይቲን ማዓልትን፣ ላዕልን ታሕትን ዝብሉ ብዙሓት ኢዮም። ገሊኦም በቲ ኣረመናዊ ስርዓት ዝተላእኩ ክኾኑ ከለዉ፣ ገለ ኻአ ኣብ ሓድነትናን ዓወትና ረብሓ ዘይብሎም ኣብ ዝባና ታሓንጊሮም፣ ደለይቲ ፍትሒ ተመሲሎም፣ ዳግማይ ኣብ ቀጻሊ ሕሰረትን ባርነትን መከራን ክንነብር ዝደልዩና ሓደስቲ ጎሓላሉ ኣለዉ።*

*እቲ፣ ንህዝቢ ኤርትራ ብሓፈሻ፣ ነቶም በቲ ዝቃላሕ ዘሎ ናይ ምፍልላይ ኣጀንዳታት ዝተታለሉ ካአ ብፍላይ፣ ከነጽሮ ዝደሊ እዚ ዝስዕብ ኢዩ፡-*

***ምፍልላይ*** *ሰራም ሕማም መንሽሮ ንሕብረተሰብና ክኸዉን እንክሎ፣ ብኻልእ ሸነኽ ግን፣ እቲ ቀንዲ መሳርሒ ናይ ሽፍታ ስርዓትን መጋበርያታቱን ኢዩ።*

*ምፍልላይን ምንጽጻግን እስኪ ብግቡእ ኣብ ዉሽጥና ከምይ ኢሉ የስፋሕፍሕ ኣሎ? ካበይ ከ ጀሚሩ? ናበይ ገጹ ኢዩ ዝዝርጋሕ? መንዮም ከ እቶም ተረባሕቲ? ሓቢርና ንርኣዮ።*

*ንኣብነት ገለ ካብኦም ንህዝብና ፋሕ ብትን ንከእትዉሉ ሓያል ወፈራ ናይ ምንእኣስን ጠቐነን ዘመተን ኣንጻር ሓደ ሃይማኖት ይዝርግሑ፣ ንምድንጋርን ተነጽሎታትን ምፍጣርን ጽልእን ቂምን ንምስፍሕፋሕ ንምፍርራህን ድማ ንስግር ዶብ ዝርከቡ ዘይ ኤርትራውያን ጎረባብትና ኣሕዋትና እዮም ብደምን፣ ብባህልን፣ ብሃይማኖንት፣ ብመውስቦን. . . ወዘተ ሓደ ኢና እንዳበሉ፣ ነቶም ናትና እዮም ዝብልዎም ከታልሉን ከዳናግሩዎምን ትረኽቦም።*

*ከይ ዋዓሉ ከይሓደሩ ድማ ነቶም ሓደ ሃይማኖት ኢና እንዳበሉ ዝፈተዉዎም ከመስሉ፣ ኣንጻር'ቲ ካልእ ሃይማኖት ዘላዓዕሉዎምን ዝጠርንፍዎምን ዝነበሩ ኤርትራውያን፣ ካልእ ሓዲሽ ሜላ ተጠቂሞም፣ ብኣውራጃታት ፋሕ ከብልዎም ድማ ትርኢ። ነቶም ደቂ ሓደ ኣውራጃ ኢና ኢሎም ኣንጻር እቶም ካልኦ ኣውራጃታት ዘላዓዕልዎም ድማ፣ ተመሊሶም ብወረዳ ፋሕ የብልዎምን ብቀቢላ ይብታትንዎምን ወያ ምፍልላይ ሕማም ስለዝኾነት ድማ እንዳ ኣስፋሕፈሐት ብእንዳታት ሰጊራ ክሳብ ኣብ ውሽጢ ስድራ ቤት ናይ ምትፍናንን ምንጽጻግን መርዚታታ ትነዚሕ። እቶም ዳቂ ሓደ ሃይማኖን ብሃይማኖቶም ኣይትጠርነፉ፣ ወላ እቶም ደቂ ከባሳ ዶ ቆላ ኣይትጠርናፉ፣ ደቂ ሓደ ኣውራጃ ደቂ ሓደ ብሄር ኣይትጠርነፉ፣ እንታይ ደኣ ፋሕ ብትን ኢሎም ንሕድሕዶም ከካሰሱን ጸለመ ከዝርግሑን ከወቃቀሱን፣ እዛ ኣብ ሶሻል ሚድያ ንርእያ ዘለና ሂወት፣ ናይ ጽልእን ክፍኣትን ሽርሕን ኩሉ ኣብ "ላይቭ" እንዳወጸ ከግዕር ይሓድርን ይውዕልን።*

*ከም ዉጽኢቱ ድማ፣ ህዝብናን ፍትሓዊ ቃልሱን ንቅድሚት ኣብ ክንዲ ምስጓም፣ ከም ሽንቲ ገመል ኩሉ ጊዜ ንድሕሪት ጥራይ ክንምለስ ንርከብ። ኣረመናዊ ስርዓት ህግደፍ ከኣ ምሒር ኣብ ልዕሌና ዘለዎ ንዕቀት ገንፊሉስ፣ ኣብ ማእከል ከተማታትና ይኹን ኣብገጠራት ብእግሩ ይኹን ብመኪና ከምድላዩ ሽናዕ ክብል ክርእዩ፣ ሰብ ሕልና ሃገራውያን ኩምትር ይብሉ።*

*እሞ ከም ህዝቢ ኤርትራ ካብዚ ናይ ምፍልላይን ምንጽጻግን ምትፍናንን ምውቅቃስን ሂወት፣ በዝስ እንታይ ኢና ክንረብሕ? ጥቅምናኸ እንታይ ኢዩ? ንቅድሚት ክንስጉም ከ ንክእል ዶ? ደለይቲ ፍትሒስ ንጽዋዕ ነታ ፍትሒ ከነረጋግጸ ንኽእል ዶ፣ ንህዝብናን ሃገርናን ንምድሓን ብቅዓት ኣለና ዶ? ንዝብሉ ሕቶታት  ብቅንዕና ክንምልስ እንተኾይና። ኣይፋሉን ዝብል መልሲ ጥራይ ኢና ክንረኽበሉ እንኽእል።*

*ብእንጻሩ ግን ዝረብሐ ኣካል ኣሎ ዶ ምስ እንብል፣ እወ ንሱ ካኣ እቲ ንብርሰት ሃገርናን ንምጽናት ህዝብናን ተዓጢቁ ዘሎ ኣብ ሃገርና ተኮዲጩ ዘሎ ኣረመናዊ ምምሕዳር ሽፋቱ ኣገልገልቱን ኢዮም ።*

*እሞ ከ ዳእ ሕጂ እንታይ ይሓይሽ፣ ኣብ ነንሕድሕድና ሰፌን ጉራደን ዶ ነስሕል፣ ካብ ምትሕምማይን ምጽልላምን ሰጊርና ኣንጻር ሕድሕድና ዶ ብጋህዲ ኣብ ቃልዕን ወጺእና ንተዓጠቅን ንግጠም፣ መን ኣብልዕሊ መን እዩ ጸብለል ዝብል፣ መን ኣብ ልዕሊ መን ኢዩ ከዕወት፣ መን ተሳዒሩ መን እዩ ኸ ከስዕር፣ ስቅ ኢልና ዶ ንተዓዘብ።*

*በሉ እቲ ውጽኢት ንጹሩን ብሩህን ካብ ኮነ ንፋቀር ዶ ንጻላእ፣ ንሳነ ዶ ንቀሓሓር፣ ንላዘብ ዶ ንተፋነን፣ ሓንቲ ኣካል ዶ ንኹን ንበታተን ??*

*ብሃይማኖት ብሄር፣ ኣውራጃ ፣ ቀቢላ፣ ወረዳ ፣ እንዳ ተፈላሊኻ ትረኽቦ ረብሓ ፈጺሙ የለን።*

*እታ ኤርትራ ንባዕላ ህልውቲ ክትከዉን ትኽእል፣ ኩላትና ኤርትራውያን ብፍቅሪ ብስኒት ብልዝብን ምክብባርን ሓድነትና ኣድልዲልና ክንነብር ፍቃደኛታት ምስ ንኸውን ጥራይ ኢያ ክትህሉ ትኽእል። ብፍላይ ኣብዚ እዋን እዚ ድማ ነዛ ካብ ኢድና ትምልቆና ዘላ ሃገርና ከንትርፋን፣ ንህዝብና ከነድሕኖንን፣ ዕድመ ስልጣን ኣረመናዊ ስርዓት ከነሕጽሮን፣ ካብ ሱር መሰረቱ ቦንቂስና ምስ ሳዓብቱብን ኣገልገልቱን ኣብ ናይ ታሪኽ ጎሓፍ ደርቢና፣ ሓርነትና ከንጉናጸፍ ንክእል። ንኤርትራና ሓንቲ ፍትሓዊትን ዲሞክራስያዊትን ብልጽግትን ሃገር ኮይና ንክትነብር፣ ኤርትራዊ ወለዶታት ኮሪያም ተሓቢኖም ዝነብሩላ ኤርትራ ክንሃንጽ ንበቅዕ።*

*ኣሚን ጃብር (ኣሚኖ)*

*04 ነሓሰ 2019*